20 ግንቦት 2006

# ምእንታኺ

ምእንታኺ ተጓዒዘ ንበረኻ
ዕድል ኣይነበረን ካብ ጓና ተጸቢኻ
ካልኣይቲ ምርጫ ህይወትካ ጥራይ ወፊኻ፡፡

ምእንታኺ ናብርኡ ገዲፉ
ሓራ ከውጽኣኪ ንሜዳ ተሰሊፉ
ህይወቱ ቀቢጹ ህይወቱ እውን ሓሊፉ፡፡

ኣሻሓት ተኸፊሉ ኣሻሓት ገዝሚ
ምስክር እዩ ኣብ ሕቑፎኺ ዘሎ ዓጽሚ
ናይ ሰላሳ ዓመት ተጋሂዱ ኢዩ ሕልሚ፡፡

ሓንቲ መዓልቲ ኣይነበረን ድቃስ
ሓንሳብ ንሓዋሩ ንጸላኢ ምድምሳስ
እንደገና ክትውለዲ ከምሓዳስ፡፡

ክንደይ ሓሊፉ ኣስሓይታ ምስ ቁሪ
ተሓቛቚሮም ክሳዕ ዝሓድሩ ከብዲ ምስ እግሪ
መግለጺ ውሒድዎ ምሳኺ ዘለዎ ፍቕሪ፡፡

ኣበይ ዘይኣተወ ንዓኺ ክደሊ
ውዒሉ ሓዲሩ ብዘይ እኽሊ
ማይ እውን እንተተረኺባ ብኽንደይ ገድሊ
ጉዕዙኡ ቀጺልዎ ብምሉእ ዓቕሊ፡፡

ምእንታኺ ሰፊሩ ኣብ ጎዳጉዲ
ሓፍ እንተበለ ርእሱ ይህረም ብዓንዲ
ሜልኡ ይሕንጽጽ ኣብታ እተሰርሓት ብጉንዲ፡፡

ቀትሪ ብጻሓይ ለይቲ እውን ብወርሒ
ንዓኺ ክደሊ ዘይፈንቀሎ ኣይነበረን ከውሒ
መንገዲ እንዳጽረየ እንዳተጠቕመ ብልሒ፡፡

ምእንታኺ ኣካላት ሰንከለ
ነብሱ ወፍዩ ቀለዓለም ከይበለ
ኣዝዩ ዘፍቅረኪ ከምፍንጫሕ መሰንገለ፡፡

ምእንታኺ ክንደይ ዜጋ ዘይተኣስረ
ኣሕሊፉ ኣይሃበክን እንዳጠዓሞ ዕረ
ቃሉ ኣየውጽኣን ዋላ ጸላኢ እንተፈከረ፡፡

ምእንታኺ ተገሪፉ ተቐጥቂጡ
ምኻድ ክሳዕ ዝስእን እግሪ ሓቢጡ
ደም ቲፍቲፍ እንዳበለ ሓርበና ኣጽቂጡ፡፡

ብዋዛ ኣይመጻእክን ዋላ እውን ብትኳቦ
ኣቐዲሙ ነጊርዎም ነይሩ ኢዩ ብዓንተቦ
ደም ከፊሉ ከምዘእትወኪ ንዓደቦ፡፡

ብሰላም ሓቲትዎም ክትመጺ
እምቢ ካብ በሉ በዓል ዓማጺ
መፍትሒ ኣይነበሮን ብዘይካ ናይ ጥይት ድምጺ፡፡

ነዊሕ ታሪኽ ኣሎ ዘይተገልጸ
ቅያ ሰሪሑ ንዓኺ ሒዙ ዝመጸ
ሓደ መዓልቲ ክትንትኖ ብዝያዳ ዝበለጸ፡፡

ገና ክብገስ ከሎ ኣብቲ ፈለማ
ንጹር ኢዩ ነይሩ ቅኑዕ እውን እቲ ዕላማ
ሓራ ከውጽኣኪ ካብተን ንመሰልኪ ዝጠለማ
እንቋዕ ደኣ ረኸበ እቲ ኹቡር ጻማ፡፡

ርሑስ በዓል ነጻነት!
ዓወት ንሓፋሽ !

ዳዊት ገረንስኤ
<u>ቦስቶን - ስሜን ኣሜርካ</u>